# ዓመጻኛ ስጉምቲ ኣብ ዴሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ተ.ሓ.ኤ. ቦጦሎኒ 149 - (በቶም ናይ ሽዑ መራሕቲ ብ „ፋሉል“ ዝፍለጥ) -

በዛ ሓጻር ጽሕፍተይ ነቲ ኣብ ሓምለ 1977 ዝተወስደ ጨካን ብረታዊ ስጉምቲ ኣብቶም ምዑታትን ዴሞክራሲያዊያንን ሓርበኛታት ብጾት ቦጦሎኒ 149 ጠንቁን ዕላምኡን ሳዕቤኑን ክገልጸ ክፍትን እየ:: እዚ ገበነኛ ተረኽቦ ካብ ዝፍጸም ልዕሊ 30 ዓመት ንላዕሊ እኳ እንተገበረ ኣብ ታሪኽ ተ.ሓ.ኤ. ከቢድ ስንብራት ዝገደፈ ስለዝኾነ ድቃስ ዘይህብ ጉዳይ እዩ::

ኣነ ከምቶም ኣብቲ ግዜ´ቲ ብብዝሒ ናብተን ውድባት ዝውሕዝ ዝነበረ መንእሰይ ብ1975 እየ ናብ ተ.ሐ.ኤ. ዝተሰለፍኩ:: ድሕሪ ነዊሕ ናይ መዓልታት ጉዕዞ ምስ ካልኦት ከማይ ሓደሽቲ ብመዓስከር ርብዳ (ባርካ ) ኣቢልና ናብ መዓስከር እብራሂም ዓብደላ ተመደብና:: ኣብኡ ድሕሪ ናይ ገለ ኣዋርሕ ወተሃደራዊ ታዕሊም ምውሳድ ንቐጻሊ ወተሃደራዊ ትምህርቲ ናብ ሳሕል መዓስከር ዓራግ መዓልታት ዝወሰደ ጥምየትን ጽምእን ዝመልኦ ጉዕዞ ተጓዓዝና:: ኣብኡ ድሕሪ ናይ ሃንደሳ ትምህርቲ ምውሳድ ኣብ መጀመርያ 1976 ምስ ካልኦት ብጾት ናብ ኮፊት ዝበሃል ቦታ በጻሕና:: እቲ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት (Military Staff) ብዓብደላ እድሪስ ዝምራሕ ኣብኡ እዩ ዝነበረ:: ካብኡ ናብ ቦጦሎኒ 149 ተመደብኩ:: መዓስከር ናይታ ቦጦሎኒ ኣብቲ ግዜ´ቲ ኣብ ሩባ ካዕላይ (ምዕራባዊ ወገን፣ ኣብ መንጎ ኣቑርደትን ባረንቱን) እዩ ዝነበረ:: መራሒኣ ማሕሙድ ዲናይ እዩ ነይሩ:: ኣብታ ቦጦሎኒ ምስ በጻሕኩ ናብ ራብዓይቲ ሓይሊ፣ ሳልሰይቲ ጋንታ፣ ቀዳመይቲ መስርዕ ተመደብኩ:: መራሕ ሓይልና መሓመድ ስልጣን፣ መራሕ ጋንታና ኣዝሃሪ፣ ምክትሉ ኣንገሶም (ኩማንድስ ዝነበረ ንጹህ ተጋዳላይ) መራሕ መስርዕና ከኣ ጅግና ስዉእ ሳልሕ ሃይኮታ፣ ምክትሉ እልፍየስ ጸጋይ ይብሃሉ ነበሩ:: ሳልሕ ሃይኮታን ወዲ መስርዕና ጅግና ገብረሂወት ኣርኣያን (ወዲ ከረን) ኣብ ሞጎሎ ዝብሃል ቦታ ኣብ መንጎ ኣቑርደትን ባረንቱን ዝነበረ ውግእ ኣብ መወዳእታ ሰነ 1977 ብመስዋእቲ ተፈልዩና::

እታ ቀዳመይቲ ጋንታ ናይታ ሓይልና ዶሽካ ዝሓዘት ክተከውን ከላ እታ ካልኣይቲ ጋንታ ኸኣ ናይ ሃውን (መድፍዕ) ነይረን:: ጋንታና ናይ ሃንደሳ (ናይ ፈንጂ) ነበረት:: ምስቲ ምድኻም ናይ ጸላኢን ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ምእካብን እቲ ተጋዳላይ ደድሕሪኡ እንዳሰዓበ መዓስከራቱ ናብ ከተማታት ክጽጋዕ ጀመረ:: ከምኡ ስለዝኾነ ኸኣ ቦጦሎንና ካብ ካዕላይ ናብ ከባቢ ኣቑርደት ገዓዘት:: እተን ክልተ ሓይልታት (ቀዳመይትን ካልኣይትን ይመስለኒ) ብምዕራባዊ ሸነኽ ኣብ ሩባ ባርካ ክዓርዳ ከለዋ እታ ሳልሰይቲ ሓይሊ ብደቡባዊ ግንባር ንባረንቱ ወገን ዓረደት::

ክፋል ናይ ራብዓይቲ ሓይልና ብግንባር ምዕራብ ኣብ ጥቓ ሩባ ባርካ ዘሎ ጎቦ ዓረዳ:: ጋንታና ኸኣ ብሰሜን ኣቑርደት ጥቓ ዓዲ እብራሂም ዝብሃል ቦታ መዓስከር ሓዘት:: ብኸምዚ ንኣቑርደት ዳርጋ ኣኽቢብና ሓዝናያ:: ከምዚ ኢልና ክሳብ መፋርቕ 1977 ጸናሕና:: ኣብዚ ግዝያት’ዚ ዋላ ንሓንቲ ሰዓት እውን ትኹን መራሕ ቦጦሎኒና ኣኼባ ኣካይድልና ኣይፈልጥን:: ቦቱኡ እውን ድሕሪ ግንባር ስለዝነበረ ኣይንፈልጦን ኔርና:: ሓንቲ መዓልቲ ግን ብሓደ ጉዳይ ናብኡ ክንከይድ ተደልየ:: ንሱ ኸኣ ፈንጅታት ናይ ከተማ እንገርን ክነውጽእ ምስተደልየ እዩ:: ጦር ሰራዊት ከተማ እንገርነ ለቒቑም ናብ ኣቑርደት ምስ ኣተዉ እዚ ዘይበሃል ፈንጅታት ቀቢሮም እቲ ህዝቢ እንገርነ ምስ ጥሪቱ መውጽእን መእተውን ስኢኑ ተጨኒቑ እዩ ነይሩ:: ቅድሚ ንእንገርነ ምኻድና ግን ናብ ማሕሙድ ዲናይ ክንከይድ ተኣዘዝና’ሞ ምስ ምክትል መራሕ ጋንታና ኣንገሶምን ምስ ገለ ብጾት ናይ ሃንደሳን ናብ መዓስከር ማሕሙድ ዲናይ ከድና:: ድሕሪ ናብቲ ማሕሙድ ዲናይ ዝነበሮ ገዛ ምእታውና ብሙዉኞ ሰላመታ ተቐቢሉ ኮፍ ክንብል

ዓደመና:: ኣብቲ ግዜ እቲ ኸኣ እየ ንመጀመርያ ግዜ እታ ሓንቲ ናይ ገድሊ ዓለም ኮይና ትስምዓኒ ዝነበረት ክልተ ኮይና ዝረኸብኩዋ:: እቲ ናብርኡ ምቾት ዝመልኦ፣ ካብኡ ዝነቐለ ኸኣ ብግዝፊ ዝኣክል ክንቀሳቐስ ኣብዘይክእለሉ ኩነታት ከምዝነበረ ተዓዚብኩ:: ሳላ ግዝፊ ከብዱ ቁልፉ'ውን ኣይረአን ነበረ:: ሓደ ተጋዳላይ ዝሽሙ፣ ግን ከኣ ከም ጊላ ኮይኑ ቡን ክቐልወሉን ከም ከልቢ ሰልሰል ክብል ምስ ርኣኹዎ ብዙሕ ዘጨንቕ ሕቶታት ብዛዕባ ገድሊ ኣብ ርእሰይ ተቐላቐሉ:: ድሕሪ ሓደ ሰዓት ዝኸውን ኣብኡ ምጽናሕ ከኣ ተጠንቀቑ ኢኹም ብምባል ዓወት ተመኒዩ ኣፋነወና:: ካብኡ ቀልጢፍና ምውጻእና የሐጎሰኒ፣ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ከምኡ ኣብ ገድሊ ከምዘሎ ምርኣየይ ከም ናይ ተመኩሮ ሃብቲ ወሰድኩዎ::

ናብቲ ቀንዲ ዘበገሰና ጉዳይ ክነሳልጥ ከኣ ኣብ ከተማ እንገርነ ድሕሪ ምብጻሕ መዓልታት ዘወሰደ ብጣዕሚ ብዙሕ ናይ ሰብ ፈንጂታት ብዘይ ሓደ ጉድኣት ኣውጻእና፣ ህዝቢ እንገርነ'ውን ኣብ መሬቱ ብዘይ ስግኣት ክንቀሳቐስ ከኣለ:: እቲ ኩነታት ሓደገኛ ስለዝነበረ ኸኣ እቲ ርህሩህን፣ ጅግናን፣ ከም ደቁ ዝሪአና ምሳና ዝነበረ ሓላፊና ምክትል መራሕ ጋንታና ኣንገሶም፣ እግረ እግርና እንዳሰዓበ ከይንስውኦ ይጥንቀቐልና ነበረ:: ድሕሪ ስራሕና ምፍጻም ናብ መዓስከርና ብሰላም ተመለስና::

ኣብቲ ግዜ እቲ በቲ ሓደ ወገን፣ በቲ ሓድሽ ሓይሊ (ተጋዳላይ 1974/1975 ) ዝግበር ዝነበረ ናይ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ጌጋታት ናይ ምእራም ስርዒታዊ ምንቅስቓስ ብናህሪ ዝረኣየሉ ዝነበረ ክኸውን ከሎ፣ በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ እቲ ምፍንጫል ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝፈጠሮ ሓድሽ ምዕባሌታት ነበረ::

እቲ ብብዝሒ ዝተሰለፈ ሓድሽ ተጋዳላይ ኣብ መትከል ናይ ተ.ሓ.ኤ. ብጽንዓት ኣሚኑ ነቲ ዝርአ ዝነበረ ናይ ኣመራርሓ ጉድለታት ንምእራም ክቱር ህርፋን ስለዝነበሮ ካብ ኩሉ ሸነኻት ሕቶታትን ሓሳባትን ክቐርብ ጀመረ:: ዕላማ ናይቲ ሕቶታት እንታይ ነበረ?

- እቲ ውድብ ጥርኑፍን እሩምን ኣካይዳ ክህልዎ'ሞ ተጋዳላይን ህዝብን ሞራሉ ክልዕልን ጽኑዕ እምነት ኣብ ውድቡ ክህልዎን::
- ምትእትታው ናይ ጸላኢን፣ ተጻባእቲ ውድባትን ንምክልኻል ነቓዕ ክይህሉ::
- እቲ ተጋዳላይን ህዝብናን ዝስውኣሉን ዝደኸመሉን ዕላማ ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ::
- ኣገልገልቲ ናይቲ ክቡር ህዝብና እምበር ጎይቶቱ ከይንኸውን::
- ኣቀራርባ ኩሉ ሸነኻት ናይቲ ውድብ ኣብ ህዝብና ጽፉፍን ሓደ መልክዕን ክሕዝ።
- እቲ ብገለ ክፍልታት ናይቲ ውድብ ዝርአ ዝነበረ ሕማቕ ጠባያትን ኣሉታዊ ኣተሓሕዛ ህዝብናን ጠጠው ክብል፣ ወዘተ…።

እቲ ምንቅስቓስ ብስርዒት ጥርኑፍ ኣይነበረን:: ብኣራኣእያ ግን ኩሉ ሓደ እዩ ነይሩ:: እቲ ዝገርም፣ ብዓል ሕሩይ ተድላ ነቲ ምንቅስቓስ፣ ናትና እዩ ክብሉ ምግላጾም እዩ:: ንምድንጋር ድዩ ወይሲ ኮነ ኢልካ ነቲ ብዙሕ ኣደራዕን ደምን ናይ ንጹሃት ተጋደልቲ ዝተኸፍሎ ንጥቕምኻ ንምምዝማዝ ተባሂሉ እዩ። እቲ ምንቅስቓስ'ኮ ነቲ እሳቶም ኣብ ስልጣን ከለዉ ሒዞሞ ዝመጹ ጉድለታትን ግዕዙይ ኣመራርሓን ንምዕራይ ዝዓለመ እዩ ነይሩ::

ብዝኾነ ነቶም ብተጋደልቲ ዝቐርቡ ዝነበሩ ሃናጺ ሕቶታት ብቐጻሊ ጸማም እዝኒ እዩ ዝወሃቦ ዝነበረ:: ብእኡ ምኽንያት ከኣ እቲ ዝምድናታት መራሕቲ ውድብን መሰረታትን እንዳበኣሰ ከደ:: ሳዕቤኑ ከኣ ገለ ተጋደልቲ ነቲ ውድብ ናይ ምግዳፍን ገለ ኸኣ ክሳብ ባዕሎም ናይ ሂወቶም ምሕላፍን ኩነታት ይረአ ነበረ:: ከምኡ'ሉ እንዳኸደ ምፍንጫል ህዝባዊ ሓይልታት ኣጋጠመ'ሞ እቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝምራሕ ውድብ ዕጡቓት ሓይልታት ብምትብባዕ ተ.ሓ.ኤ. ንሜዳ ከእቱ ጀመረ:: ኣብ 1977 ከኣ ገለ ካብቶም ሓይልታቶም ናብ ከባቢ ኣቑርደት ቀረቡ'ሞ ድሕሪ ድፋዕና መዓስከራቶም መስረቱ:: ካብኡ እንዳተበገሱ ኸኣ ኣስቤዛ እንዳዓደሉ ኮነ ብኻልእ ነገራት ነቶም ኣብ ትሕቲ

ምምሕዳርና ዝነበሩ ዓድታት ክኸስብዎም ከለዉ ብመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ነጻ ዕድል ተዋህቦም:: ዘስደምም ነገር::
ጸኒሑም ከኣ ካብቲ መስዋእቲ ከፊልና ሒዝናዮ ዝነበርና ገለ ድፋዓት (ብፈለግ ባርካ ሸነኽ) ንሓይልታትና ኣልቂቖም ንሓይልታት ናይቲ ውድብ (ህዝባዊ ሓይልታት) ክህብዎም ተወሰነ:: እቲ ዝነበረ ሽግራት ክይኣክል እዚ ሃንደበታዊ ኩነታት ኣብ ቦጦሎልና ብፍላይ ኣብቲ ሸነኽ ፈለግ ባርካ ድፋዕ ዝነበሮም ሓይልታትና ናህሪ ዘለዎ ዓቢ ተቓውሞ ኣስዓበ:: ፍታሕ ክሳብ ዝርከቦ’ውን ናብ ግዝያዊ ምፍላይ ኣብጸሐ:: እቲ ሽግር ፍታሕ ክርከበሉ ኸኣ ንመሪሕነት ጥርዓኖም ኣቕረቡ:: ድሕሪ ገለ መዓልታት ከኣ **ኣሕመድ ናስር** (ናይ ሽው ኣቦ ወንበር ተ.ሓ.ኤ.) ኣብኡ ተረኺቡ ምስቶም ተጋደልቲ ዝርርብ ኣካየደ:: እቲ ርክብ ዓቢ ተስፋ ዘለዎ ኩነታት ከፊቱ ስለዝነበረ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ክልቲኦም ወገን ዝተሰማምዑሉ ቆጸራ እቲ ዝርርብ ክቕጽልዎን መፍትሒ ክረኽብሉ ተሰማምዑ:: እቶም ውፉያት ብጾትና ብንጽህና ቆጸረኦም እንዳተጸበዩ ከለዉ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ብፍላይ ከኣ እቲ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ብዓብደላ እድሪስ ዝምራሕ ዓቢ ወተሃደራዊ ምድላዋት ክገብር ተራእየ:: እቲ **„ውሽጣዊ ግርጭት ብዘተ“** ዝብል መትከል ናይ’ቲ ውድብ ክድፈር ቀረበ:: እታ ኣሕመድ ናስር ከም ቆጸሩሉ ክመጸላ ዝተሓሰበት መዓልቲ ምስ ኣተወት እቶም ብጾትና ብሃረርታ ንዝርርብ እንዳተጸበዩ ከለዉ፣ ንግሆ ምድሪ ኣብቶም ከይተዳለዉ ዝነበሩ ብጾትና ዘይተጸበይዎ ሃንደበታዊ ዓመጻኛ ወተሃደራዊ ውግእ ከፈቱ:: ብዙሓት ተጋደልቲ ከኣ ካብ ክልቲኡ ወገን ተሰዉኡ:: ካብቶም ብጾት ናይታ ቦጦሎልና 12 ዝኾኑ ተሰዉኡ:: እቶም ዝተረፉ ፣ ገለ ውሑዳት ካብኡ ኣምሊጦም ብዓቕሊጽበት ንኢትዮጵያ ናብ ኣቑርደት ኢዶም ክህቡ ከለዉ ፣ ገሊኦም ንኸበሳ እንዳምለጡ ከለዉ ብመሊሻ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ተታሕዙ:: እቶም ክሳብ ከበሳ (ብሰራየ) ንኽበጽሑ ዕድል ዝረኸቡ’ውን በቶም ኣብኡ ክጽበዩዎም ዝጸንሑ ተጋደልቲ ተታሕዙ:: ገለ ውሑዳት’ውን ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ክሕወሱ ከኣሉ:: እቶም ዝተረፉ ኣብኡ ተታሒዞም ናብ ግዝያዊ ፍሉይ እስርቤት ኣብ መንጎ ኣቑርደትን ተኸረረትን ዝርከብ ናይ ጥልያን ጀራዲን መኻዚኖ ዝነበረ ገዛውቲ ኣከቡዎም:: እቶም ካብኡ ከምልጡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝተታሕዙ’ውን ናብኦም ተጸንበሩ:: ኣብ ታሪኽ ሰውራናን ውድብናን ከኣ ደጊሙ ዘሕዝን መድረኽ ተኸፍተ:: እቲ ብ1965 ዝተጀመረ ምውሳድ ዓመጻዊ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ’ቶም ጀጋኑ ተጋደልቲ E.L.M. (ብ ሓረካት ወይ ማሕበር ሸውዓተ ዝፍለጡ) ጸሊም ታሪኽ መሊሱ ተደገመ።
መራሕቲ ናይቲ ውድብ ከኣ ብኡንብኡ ከይሓፈሩ **„ሀ ፣ ሁ ፣ በል፣ ፋሉላይ„** እንዳበሉ ጽዑቕ ናይ ፕሮፓጋንዳ ከበሮኦም ክወቕዑ ጀመሩ:: በቲ ሓደ ሸነኽ’ውን ሃይማኖታዊ መልክዕ ከትሕዝዎ ፈተኑ::
ብትእዛዝ ናይቶም ብቕዓት ዘይብሎም መራሕቲ ፣ እቲ ጨካን ስጉምቲ ኣብታ ቦጦሎኒና ምስተወሰደ ፣ ኣብቲ ውድብ ከም ሕማም ተላጋቢ ሓድሽን ሓደገኛን ምዕባለ ተፈጥረ:: እዚ ዘይበሃል ምዑትን ንቑሕን ንጸላኢን ንተጻባእትን ኣርዒዱ ዝነበረ ጅግና ተጋዳላይ ከኣ ብጅምላ ካብ ምሉእ ኤርትራ ንኸበሳ (ሓማሴን) ወሓዘሞ ኣብኡ ተኣከበ:: እቲ ሽግራት ኣብ ኩለን ሓይልታት ስለዝነበረ ንውሽጣዊ ሽግር ብዓመጽ ክፈትሕዎ ምፍታኖም ናይቲ ውድብ ናይ መጀመርያ ናይ ዕንወት ምልክት ኮነ:: እቶም ኣብኡ ዝተኣከቡ ጀጋኑ ተጋደልቲ ብድሕሪኦም ተ.ሓ.ኤ. ክትሃድኖም ከላ ፣ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከኣ ብቕድሚኦም ኮይና ሳልሳይ ሓይሊ ክቐውም ኣይነፍቅድን ኢና ፣ ተደሊኹም ናባና እተዉ ብምባል ኣብቲ ሕማቕ እዋን ንሓደጋ ተሳጥሑ። ካልእ ኣማራጺ ስለዘይነበረ ኸኣ ብዙሓት ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተሓወሱ። ገለ ኸኣ እዚ ዕላማና ኣይነበረን ብምባል ኣብ ኣስመራ ኣቲና እንዳተዋጋእና ምስዋእ ይሓይሽ ዝበሉ ጀጋኑን ምኩራትን ተጋደልቲ (**ብዓል ኪዳነ ዓንደመስቀል ዘለዉዎም 8 ዝኾኑ**) ኣስመራ ኣትዮም ከም ፈዳይን እንዳተቓለሱ ንዕላምኦም ተሰውኡ። ገለ’ውን ንጸላኢ ኢዶም ሃቡ። እዚ ኹሉ ኣሉታዊ

ምዕባለ ንኸጋጥም ፍቓደኛ ዝኾነ መሪሕነት ምስ ምንታይ ክጽብጸብ ይከኣል፧ ንገዛኻ ተሰኪሙ ዝነበረ ዓንዲ'ዶ ባዕልኻ ትቖርጾ ኢኻ።
እቶም ግድን ኮይንዎም፣ (እታ ኣዴና ዝብልዋ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. የሕሊፉ ምስሃበቶም)፣ ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንኽቃለሱ ዝተሓዎሱ ኸኣ መብዛሕትኦም ኣብቲ ብርቱዕ ውግእ ናይ ባጽዕ ብ1977 ከምዝካፈሉ ተገብረ'ሞ ዳርጋ ኩሎም ኣብኡ ተሰውኡ። ዘሕዝን ታሪኽ።

እቶም ናይ ቦጦሎንና ብጾት ኣብቲ እስርቤት ምስተኣከቡ ክግፍዑን ክግረፉን ጀመሩ:: ቁሩብ ከይጸንሑ'ውን እቲ ዝሓለፈ ከይኣክል፣ ደጊሞም ኣብ ርእሲ ገለ ካብቶም እሱራት ብጾትና ናይ ዓመጽ ስጉምቲ ወሰዱ::

ብዕለት 12.07.1977 ካብ ሰዓት 07፣30 ክሳብ ሰዓት 08፣00 ንግሆ ዘሎ ግዜ ፣ **ማሕሙድ ዲናይ** (መራሕ ቦጦሎኒና) ፣ **ሳልሕ ኣዲን ዓብደላ** (ሓላፊ ወተሃደራዊ ጸጥታ ቦጦሎኒና) ፣ **መሓመድ ኣምሓራይን** (ሓላፊ ምምሕዳር ላዕላይ ባርካ) መጺኦም ካብቶም እሱራት ብጾትና ነዞም ዝስዕቡ ወሲዶም ረሸንዎም::

1. **በርሀ ገብረኣብ** ካብ ሳልሰይቲ ሓይሊ
2. **እስቲፋኖሰ በየነ** ካብ ካልኣይቲ ሓይሊ
3. **ተኽለ ገብራይ** ካብ ካልኣይቲ ሓይሊ
4. **የውሃንስ ተስፉይ** ካብ ካልኣይቲ ሓይሊ
5. **ሓድሽ ኣብርሃ** ካብ ሳልሰይቲ ሓይሊ
6. **ሓድሽ ደስታ** ካብ ቀዳመይቲ ሓይሊ
7. **መንግስትኣብ ተኪኤ** ካብ ኣየነይቲ ሓይሊ ምኳኑ ረሲዐዮ ኣለኹ
8. **ስምኦን ተስፉይ** ካብ ቀዳመይቲ ሓይሊ (መይቱ ኢሎም ምስ ገደፍዎ ኣምሊጡ ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተሓዊሱ ሰሚዕና:: ክሳብ ሕጂ ግን መረጋገጺ ኣይተረኽበን:: ብሂወቱ እንተሊዩስ ናይ ዓይኒ ምስክር ምኾነ)::
9. **በረኸት ተኽለሚካኤል** ካብ ቀዳመይቲ ሓይሊ
10. **ወልደማርያም ምስጉን** (**እሾኻይ**) ካብ ኣየነይቲ ሓይሊ ምኳኑ ረሲዐዮ ኣለኹ
11. **ጸሃየ ፍስሃየ** ካብ ቀዳመይቲ ሓይሊ

ንሕና (ካብ ሳልሰይቲ ጋንታ) ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ምስኦም ኣይትሓወስናን ዘለና:: እዚ ዘጋጠሞምን ዝተረኽበን ኩሉ ድሕሪኡ እዮም ነጊሮምና::

እታ ጋንታና ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽኩዎ ጌና ብሰሜናዊ ወገን ናይ ኣቑርደት (ጥቓ ዓድ ኢብራሂም፣ ዓድ ሰይድና ሓሊፍካ) ኢና ዘለና:: እዚ ክብል ከለኹ ግን ካብቲ ብረታዊ ስጉምቲ ናይ ሓደ መዓልታት ኣቢሉ ፍልልይ እዩ ነይርዎ:: ኮይኑ ኸኣ ተሃሪሞም ኣብቲ እስርቤት ምስተኣከቡ ንምሽቱ ኣቢሉ ይኸውን ሰዓት 5 ናይ ምሸት ኣብ መዝገብና (ድፉዕ) ኮይና እንዳዕለልና ከለና እቲ መራሕ ጋንታና ዝነበረ ኣዝሃሪ ዝበሃል፣ ራድዮ ተደዊልሉ ብሕዳረብ ክዛረብ ሰማዕና:: ቅድሚኡ ብዓረብ ወይ ብትግሬ ድዛረብ ዝነበረ ሽዑ ብሕዳረብ ክዛረብ ምስ ሰማዕና ኩላትና ገሪሙና፣ ኣስጊኡና'ውን:: ቀንዲ ዘፍራሓና ኸኣ ሓደ ናይ ቀደም ጅግና ተጋዳላይ ወዲ ሕዳረብ ዑስማን ዝበሃል (ብኑመሪ ንጽውዖ ዝነበርና) ንጹህ ብጻይና ነቲ መራሕ ጋንታ ዝዛረቦ ዝነበረ ብኅቦ እዝኑ ሰሚዑዎ ሰጋእ ምስበለ እዩ:: ከምኡ ስለዝኾነ እቲ ንጹህ ምሳና ዝሳማማዕ ዝነበረ (ኑመሪ) ንነብሱ ይፈርሓ ስለዝነበረ ናብቶም ከም ሕሱም ዝጸልኦም ዝነበረ ፣ ብድሕሬና መዓስከር ሒዞም ዝነበሩ ፣ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት (ሓይሊ ናይ ሳልሕ ሳበ) ብለይቲ መሊቑ ከደ:: መቸም ጸሓይ ከም ኣመላ ምስ በረቐት እሞ ክረምቲ ኸኣ ስለዝነበረ ብኅቦ ልብና ብንግሁኡ ከምቲ ልሙድ ፣ መዕቀሊ ዝኸውን ኣጉዶ ክንሰርሕ ተበገስና:: ዕንጨይቲ

ይኹን ላኻ ናይ ዓርኮኮባይ ኣኪብና ብረትና ኣብ መሬት ኣቐሚጥና ገሌና ኣብ ላዕሊ ገሌና ኣብ ታሕቲ ኮይና እንዳሰራሕና ከለና፣ እቲ መራሕ ጋንታና ዝመርሖም ዳርጋ ኩሎም ደቂ መታሕት ዘለዉዎም ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ብረትናን ኮይኖም ኢድኩም ሃቡ በሉና:: ብቕሉዕ ከኣ ሃይማኖታዊ መልክዕ ኣትሓዝዎ:: ሓደ ጀበርቲ ዳውድ (ተኣሲርና ከለና ኣብ ውግእ ዓቑርደት ዝተሰውአ) ዝተባህለ ክሳብ እታ መዓልቲ እቲኣ ካባና ዘይፍለ ዝነበረ ብሃንደበት ሓደ ካብቶም ዝማረኹና ኮነ:: ብድልየቱ ይኹን ተገዲዱ ግን ክንፈልጥ ኣይከኣልናን:: ኣብቲ ውድብ ክንደይ ሽግር የሕሊፍና እኳ እንተነበርና እታ ጸላም መዓልቲ እቲኣ ግን ፍልይቲ ነበረት:: ዋላ እኳ ኣብ መንእሰያት ዝረአ ስምዒትን ናህርን ዝሃለዎ ኩነታት እንተነበረ ብዕላማ ግን ውድብና ብንጽህናን ብልብን ንምዕራይ እንዳጸዓርናን እንዳተሰዋእናሉን ከሎና ከም ከሓድቲ ቀጸሩና:: እቲ ዝኸፍአ ከኣ ነቲ ተኣፋፊ ኩነታት ህዝብና መዝሚዞም ሃይማኖታዊ መልክዕ ምትሓዞም እዩ::

ምስ ተተሓዝና ነቲ ተኸዲንናዮ ዝነበርና ናይ ወተሃደር ክዳን (Uniform) የሕደጉና። ገሌና መቐየርታ ክዳን ስዘይነበረና ነታ ዝነበረትና ኣንሶላ (ኩሽክ) ተጠንጢንና በቶም ብጾትና ዝነበሩ ተሓሊና ናብቲ ብጾትና ተኣሲሮምላ ዝነበሩ ቦታ ኣምራሕና:: እቲ መርዛም ፖለቲኮኦም ኣብ ተጋደልቲ ጥራይ ተወሲኑ ኣይተረፈን:: ሒዞምና ክንከይድ ምስ ጀመርና በቲ ዓድ ኢብራሂም ኣቢልና እንዳሓለፍና ከለና እቶም ክንደይ ዓመታት ምሳና ዝበልዑን ዝሰተዩን ዝነበሩ ከም ስድራና ንሪኦም ዝነበርና ገባሮ ተኣኪቦም ይርእዩና ነበሩዋ „ዘማች“ እንዳበሉ ጸረፉና:: ኣብክንድኡም ከኣ ወሰን ዘየብሉ ሕፍረት ተሰማዓና::

ድሕሪ ናይ ገለ ሰዓታት ጉዕዞ ኸኣ ኣብቲ ብጾትና ዝነበርዎ እስርቤት በጻሕና:: ኩነታቶም ምስ ረኣና ኸኣ ብርቱዕ ሓዘን ተሰመዓና:: እቶም ኣብኡ ሓለውቲ ዝነበሩ ከም ጸላኢ ብጸዋግ ገጾም ተቐበሉና። ብኡ ንብኡ ኸኣ ናይ ቃል መርመራ ገበሩልና:: ንጽባሒቱ ለይቲ ኸኣ ኢድና ኣሲሮም ኣብ ሎሪታት (ናይ ጽዕነት መኻይን) ብጠጠውና ጽዒኖም ናብ ተኸረረት ዝብሃል ቦታ ወሰዱና:: ከምዝዝከረኒ ኣብቲ ምሸት እቲ ምስቶም ሓለውትና ዝነበሩ ዓብደላ እድሪስ (ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ.) እውን ከይተረፈ ላንድ ሮቨር (Landrover) ገይሩ ጎኒ ጎንና ይኸይድ ነበረ:: ኣብ ተኸረረት ንዓና ተባሂሉ ዝተዳለወ እስር ቤት እዩ ነይሩ:: እስር ቤት ክብሃል ከሎ ኸኣ ብ2 ሜትሮ ዝኸውን ብጨዓ (ከም ናይ ኣጣል) ዝተኻበበ ደንበ እዩ::
ካብኡ ጀሚሩ እዚ ዘይበሃል ጭካነ ዝመልኦ ተርእዮታት ሰዓበ::
ካብቶም ሓለውትና ዝነበሩ ክልተ ጥራይ ትግርኛ (ደቂ ከበሳ) ድዛረቡ ክኾኑ ከለዉ እቶም ካልኦት ኩሎም ደቂ መታሕት ነበሩ:: ካብታ መጀመርታ መዓልቲ ጀሚሮም ከኣ ኩሎም ከም ቀንዲ ጸላእቶም ገይሮም ክርእዩና ጀመሩ::
ክረምቲ ስለዝነበረ እቲ እስርቤት'ውን መዕቀሊ ስለዘይነበሮ ምሉእ መዓልትን ለይትን ማይ ይወቕዓና ነበረ:: እኹል ክዳን ስለዘይነበረናን ማይ ክንሕጸብ'ውን ክልኩል ስለዝነበረ ብሕማምን ብኸቱር ርስሓትን ተሳቐና፣ ብጥምየት'ውን ተወጻዕና:: ገለ ካብቶም ብጾትና ከኣ ዳርጋ ኣብ ሞት በጽሑ። ናይ ሕክምና ረዲኤት'ውን ተሓረመና (ንዓና ኩልኩል ነበረ):: ምኽንያቱ ንሕና ኣብቲ ግዜ እቲ ካብ ጸላኢ ንላዕሊ ይርእዩና ስለዝነበሩ።
እቲ ሃዋህው ኣዝዩ ኣስጋኢ ስለዝነበረ ንሂወትና ክንፈርሕ ጀመርና::
ክንሸይን ወይ ዕንጨይቲ ክነምጽእ ክንወጽእ ከለና እቶም ሓለውትና ብሕማኹ ይሕዙና ነበሩ:: ድሕሪ ገለ ሰሙናት ግን ምስቶም ክልተ ደቂ ከበሳ ዝነበሩ ክንራዳዳእ ጀመርና:: እቲ ኣባና ዝነበሮም ኣረኣእያ ቀስ ብቐስ ክቕየርን ንሕና ከምቲ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝመሃሩዎም ዘይኮነስ ብንጽህና ነቲ ጉድለታት ናይቲ ውድብ ንምዕራይ እምበር ካልእ ሕቡእ ዕላማ ከምዘይነበረና ተረዲኡ፣ ጽቡቕ ሌላ'ውን ገበርና:: ብሕቡእ ከኣ የዕሩኽትና

ኮኑ:: ስለ ዝኣመኑናን ነሕዝኖም ስለዝነበርናን ከኣ ሓደ መዓልቲ ንገሌና ብጣዕሚ ዘሰንብድን ዘሕዝንን ወረ ነገሩና:: ቅድሚ ምንጋሮም ግን እቲ ምስጢር ብምንም ዓይነት ካባና ከይወጽእን ብዛዕባኡ ከይንዛረብን ኣጠንቀቑና:: ቃል'ውን ኣተናሎም:: ነዚ ዝስዕብ ከኣ ቃል ብቓሉ ነገሩና፣ „ሓደ መዓልቲ ንግሆ ኩላትና ሓለውቲ ዘለናዮ ክነሽነኩም ንበረኻ ምስ ከድና ክሃድሙ ደልዮም ኔሮም ኢሎም ንኹሉኹም ክርሽኑኹም ሓሲቦም ነይሮም ንሕና ስለዝነበርና ግን ነቲ ስጉምቲ ከይወሰድዎ ተረፈ“::

ድሕሪኡ ኸኣ ብመግለጺ ዘይርከቦ ጭካነ ዝመልኦ ባርባራዊ ናይ መርመራ መግረፍቲ ተጀመረ::

እቶም ነዚ ነውራም ናይ መርመራ ስራሕ ዝፍጽሙ ዝነበሩ እዞም ኣርባዕተ ዝስዕቡ ሰባት እዮም::

1. **ሃይለ ወልደስላሴ** 2. **ዘካርያስ** 3. **ፊሊፕ** 4. **እቲ ራብዓዮም ሽሙ ረሲዐዮ** ኣለኹ:: ኣብቲ ቦታ ብጥቓና ክሓልፉ ከለዉ ኣብ ገጽና ጡፍ ይብሉልና ነበሩ:: ንብዙሓት ብጾትና ከኣ ብሽምዚ ዝስዕብ ጨካን ኣገባብ ይምርምርዎምን ይገርፍዎምን ነበሩ፣

- ኢዶም ኣሲሮም ኣብ ኦም የንጠልጥልዎም
- እቲ መግረፊ ኣብ ውሽጡ ሓጺን ዘለዎ ጎማ ኮይኑ፣ ኣብ ጫፉ እቲ ሓጺን ዝተቐልቀለ ነበረ
- ብኡ ገይሮም ኣብ ሒቕኦም ብሕሱም ይገርፍዎም'ሞ እቲ ዝተቐልቀለ ሓጺን ካብ ኣካላቶም ስጋ ሒዙ ስለዝልዓል ምሉእ ሒቕኦም ይምለጥ ነበረ
- ድሕሪኡ ኣብቲ ዝተመልጠ ኣካላቶም ዘይትን ጮውን ሓዊሶም የፍስሱሎም ነበሩ:: እዚ ዘይብሃል ነብስኻ ዘጽልእ ቃንዛን ንነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ቁስሊን ተጻዊሮም ይኸዱ ነበሩ::

ድሕሪ ገለ ሰሙናት ኣብኡ ምጽናሕ ናብ መጎራይብ ዝበሃል ማእከላዊ እስርቤት ናይ'ቲ ውድብ ክንግዕዝ ትእዛዝ መጸና። ድሕሪ ናይ ነዊሕ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኸኣ ኣብቲ ቦታ በጻሕና። መጎራይብ እቲ ቀንዲ መዓስከር ናይ ጸጥታ ኮይኑ ብእብራሂም ዓሊ ኑር ዝብሃል ምክትል ስዉእ **መልኣከ ተኽለ** (ሓላፊ ናይ ጸጥታ ፈጻሚት ሽማግለ) ይመሓደር ነበረ።

ኣብቲ ቦታ ሰለስተ ደንበታት (እስርቤት) መውዓሊ፣ ካልእ ሰለስተ ኸኣ መሕደሪ ተዳልዩልና ጸንሐ:: ንሕና (እቶም ካብ እስርቤት ናይ ተኸረረት ዝመጻእና ናይ ቦጦሎኒ 149) ኣብ ሓንቲ ደንበ ክንኣቱ ከለና እተን ክልተ ደንበታት ከኣ ሓንቲኣን ንሓላፍነት ዝነበሮም (ከም በዓል **ዓንደኣብ ገብረመስቀል፣መዝገበ ወዘተ...**) ክትከውን ከላ፣ እታ ሳልሰይቲ ኸኣ ናይቶም ካብ ሙሉእ ሜዳ ተጠርጢሮም ዝኣከቡዎም ነበረት:: ኣብኡ'ውን ብጣዕሚ ሰብ ምዃንካ ዘጽልእ ግዜ ኢና የሕሊፍና::

እተን መዓልትን ለይትን ከመይ ነሕልፈን ነበርና፧

- ## መዓልቲ
    - እቲ መውዓሊና ደንበ ኣብ ጥቓ ውሕጅ መጎራይብ እንዳሃለወ ማይ ክንሕጸብ ብፍጹም ክልኩል ስለዝነበረ ነብስና ከም ሬሳ ይጨኑ ነበረ። ቁማል'ውን ኣብ ክዳንና ኮነ ኣብ ርእስና ወረሩና። ብብዙሓት ሕማማት ከም ዓሶ ፣ ውጽኣት ዝኣመሰሉ ከኣ ተጠቓዕና። መድሃኒት ከኣ ፍጹም ኩልኩል እዩ ነይሩ። ነብስና ኸኣ ተወደአ። መግቢ'ውን ቁሩብ ሓርጭ ንግዓት ዝኸውን ይህቡና'ሞ ኣጸቢቑ ከይበሰለ ክንበልዖ ንግደድ። ኣብ ሓንቲ መኣዲ ዳርጋ ዓሰርተ ሰብ ንቐረብ ነበርና። ኣርባዕተ ኮና ሓሙሽተ ኩላሶ ምስበላዕና ኸኣ እታ ግዓት ትውዳእ። እቶም ዋርድያና ዝነበሩ ኸኣ

ናይ ኣስቃጥላ ካብ ወጻኢ ዝመጸ መግቢ ኣብ ቅድሜና ኮይኖም ክበልዑ ንዕዘብ ነበርና። ምሉእ መዓልቲ ኮፍ እንተዘይኮይኑ ጠጦው ክንብል ኣይፍቀድን። ርእስና ኣቕኒዕና ክንርኢ ክልኩል፣ ምሉእ መዓልቲ ደኒንና ኮፍ ክንብል ጥራይ ንግደድ ነበርና። ውድብና ክተጥፍኡ ዝተቓለስኩም’ሲ ቀኒዕኹም ክትርእዩ ይብሉና ነበሩ። ክመሲ ምስ ቀረበ ናብቲ መሕደሪና ደንበ ተሰሪዕና ብጥብቂ እንዳተሓለና ንብገስ። ቅድሚ ናብቲ ደንበ ምብጻሕና ቀልቀል የውጽኡና። እቲ ቀልቀል ምውጻእ ከኣ ብመስርዕ ኮይኑ እቲ ርሕቀት ካብቲ ቅድሜኻ ዘሎ ብጻይ ፍርቂ ሜትሮ ኣቢሉ ይኸውን። ድሕሪኡ ናብቲ መሕደሪና ደንበ ዓይኒ-ብለይ ስኒ-ብለይ ብጭካነ እንዳ ገረፉ የእትዉና።

- **ለይቲ**
  - ምሉእ ለይቲ ተኣሲርና ኢና ንሓድር። ማይ’ውን ብዙሕ ይወኽዓና ነበረ። ናይ መንጸፍ ጸገም ዝነበሮም ብጾት’ውን ነይሮምና እዮም። ብውጽኣትን ዓሶን ብሕሱም ተሳቐና። ለይቲ ውጽኣት መጺእካ ቀልቀል ክወጽእ ኣፍቂዱለይ ኢልካ ምስ እትሓትት መልሱ መሪር ማህረምቲ እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ተምላስን ውጽኣትን ክትቋጻጸሮ ስለዘይከኣል እቲ ደንበ መደቀሲና ጥራይ ዘይኮነ ሽቓቕና’ውን ኮነ። ምስቲ ማይ ዝወኽዓና ዝነበረ እቲ ማይ ምስ ኩሉ’ቲ ርስሓት (ውጽኣት ይኹን ተምላስ) ናብ ኩልና ይዝርጋሕ ነበረ። ብሳዕቤኑ ነቲ ዝነበረና ናይ ጥዕና ሽግር ብዝያዳ ኣግደዶ።

ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኣብኡ ምጽናሕ ናይ ቃል መርመራታት ኣካየዱልና። ሓንቲ ገበን ስለዘይነበረና ኸኣ ንመብዛሕትና ድሕሪ ኣብ ፍርዲቤት ምቕራብ ንቐለልቲ መቕጻዕቲ ፈሪዶም ሰደዱና። ድሕሪኡ ኣብቲ ጥቓ ቤት ጸሕፈት ናይ ኢብራሂም ዓሊ ኑር ዝነበረ ቦታ ከም ማሕዩር ተታሓዝና። ኢብራሂም ዓሊ ኑር ከኣ ናብቲ ቤት ጽሕፈቱ እንዳጸወዐ ብወገኑ ይምርምረና ነበረ። ኣብቲ ካልእ ግዜና ናብ ግራውቲ ናይቶም ገባሮ እንዳወሰዱ መሸላ ከጽህዩና ይውዕሉ ነበሩ። ነዚ ዘካይድ ዝነበረ የማነ ስዩም ዝተባህለ ናይ ወተሃደራዊ ስለያ ነበረ። ስሩሑ’ውን ንዓና ንምስላይ ዝተላእኸ እዩ ነይሩ። እዚ ኸኣ ነጻ ምውጻእና ክቕበልዎ ቅሩባት ዘይምንባሮም የመልክት። ኣብ መጨረስታ ካብቲ ማሕዩር’ውን ነጻ ሰደዱና። ቅድሚኡ ግን እቲ ዝከታተለና ዝነበረ ከምዚ ክብል ኣጠንቀቐና፤ **„ካብ ሕጂ ነጻ ትወጹ ኣለኹም ግን ድሕሪኡ ሕማቕ ኣጋጢሙና ፣ ተገሪፍና ፣ ተገፊዕና ፣ ወዘተ.. ዝበሃል ነገር ካባኹም ከይወጽእ“** በለና። ክንሕሱ ፍቓደኛታት ስለዘይኮንና ፣ እታ ዘጋጠመትና ካብ ምዝራብ ከምዘይንቑጠብ ነገርናዮ። ዝኾነ ኮይኑ ድሕሪኡ ኩልና ናብ ቦጠሎልና ክንምለስ ተኣዘዝና። እንተኾነ ግን እቶም መራሕቲ ቦጠሎኒና ነዚ ኣይተቐበልዎን ነጸጉና ኸኣ። ካብኡ ንድሓር ከኣ ድጉል ፋሉል ዝብል ስም ኣጠሚቖም፣ ኣብቲ ውድብ ከም ጸላእቲ ተቖጺርና ከምንግለልን ከምንዋሰንን ገበሩና።

እዛ ንእሽቶይ ጽሕፍቲ ዘቕርባ ዘለኹ በቐዳምነት ነቶም ብዓመጽ ውሑዳት ወንጀለኛታት ዝተቐንጸሉ ንጹሃት ጀጋኑ ብጾትና ዋላ’ኳ እንተ ዘይተገብረሎም ክንገረሎምን ከይርስዑን ንዘልኣለም ክዝከሩን ኣውያቶም ምእንቲ ክስምዓሎምን ነቶም ብሓላፍነት ዝሕተቱ ወንጀለኛታት ከኣ ሓደ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክቐርቡን እዩ። ብኻልኣይ ወገን ከኣ ነቲ ንጉድለታት ንምእራም ዝካየድ ሰላማዊ ቃልሲ ፣ ብሰላም እምበር ብዓመጽ ክፍታሕ ከምዘይግባእን ካብዚ ሕማቕ ታሪኽ ምእንቲ ክንምሃርን እዩ።

መባእታዊ መሰል ወዲሰብ ዘይሕሉ ሰውራ ምሉእ ሰውራ ኣይኮነን'ሞ ካብ ዝሓለፈ ተማሂርና ፣ ንዝመጽእ ነዚ መሰረታዊ ሕቶ ከም ሕመረት ናይ ቃልሲ ክንርእዮ ግቡእ ይመስለኒ።

ኣብ መወዳእታ ፣ ነቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበርኩም ብጾትና ነቲ ዘጋጠመኩምን ትፈልጥዎን ታሪኽ ብተመሳሳሊ ክትቕርቡ ይላቦ። ዝተጻሕፈ ጥራይ ነባሪ ስለዝኾነ!!!

ነዛ ሓጻር ጽሕፍተይ መአረምታ ኮነ መመላእታ ክተበርኩትለይ ብትሕትና ይሓትት።

ሰማእታትና ንዘልኣለም ይዘከሩ/ሩ።
ክብሪ ንኹለን/ሎም ስንኩላትና።
ዘይሕለል ቃልሲ ህዝብና ተኸቢሩ ይንበር።
እቶም ገበነኛታት ፍርዶም ይቀበሉ።

## ገ/ዝግኣብሄር ሃይለመለኮት

<u>**ሓበሬታ:**</u> ዝኾነ መልእኽቲ በዚ ኢመይል (eMail) ክበጽሓኒ ይኽእል እዩ።
eMail: Ghailemelecot@t-online.de